# ናይ ዕለቶም ዝሓለፈ መርመራታት COVID-19 ተደጋጋሚ ሕቶታት

**ንናትኩም ዕለቶም ዝሓለፈ መርመራታት COVID-19 ሕጂ ከይትድርብዩዎም። ግዜኦም ዝሓለፎም ናይ COVID-19 መርመራታትኩም ሕጅ'ውን ረብሓ ይሃልዎም ኣይሃልዎም ንምፍላጥ ዘኽእሉኹም መንገዲታት ኣብ'ዚ ኣለዉ።**

## ግዚኡ ዝሓለፈ ናይ COVID-19 መርመራ ክጥቀም ይኽእል ዶ?

እወ። ናይ Washington State Department of Health (DOH, ክፍሊ ጥዕና ክፍለሃገር ዋሽንግተን) እቶም መርመራታት ናይ ፅርየት ረቋሒታት ስለዝሓለፉ ስሩዕ ናይ ግዜኦም ዝሓለፉ መርመራታት ናይ ምጥቃም መረጋገፂ (ብቋንቋ እንግሊዘኛ) ለቐቑ እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ታሕቲ ተገሊፁ እዩ።

ብተወሳኺ፣ ገለ ናይ COVID-19 መርመራታት ናይ ረብሓ መንወሒ ካብ ናይ ዩኤስ ናይ መግቢን መድሓኒትን ምሕደራ U.S. Food and Drug Administration (FDA, ናይ ኣመሪካ ምምሕዳር ምግብን መድሃኒትን) ይረኽቡ እዮም፣ ኣብቲ ሳንዱቕ ካብትርእዩዎ ዘለኹም ናይ መሕለፊ ግዜ ዝተፈለየ ሓዱሽ ናይ መሕለፊ ግዜ ይህቦም እዩ። ዝተለወጠ ናይ መሕለፊ ግዜ ዘለዎም መርመራታት ኣይኖም ምዃኖም ንምርኣይ ኣብ FDA ዝተናወሐ ናይ ረብሓ ግዜ ዘለዎም መርመራታት ዝርዝር (እንግሊዘኛ ከምኡ ድማ ስፓኒሽን) ምርኣይ ትኽእሉ ኢኹም። ብDOH መሰረት፣ መሕለፊ ግዜኡ ዝሓለፈ መርመራ እንተሃሊዩ'ውን፣ ናይ ፅርየት መዐቀኒ እንተሓሊፉ ምጥቃም ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ዋና ጉዳይ፡ ነቲ ምስኡ ዝስራሕ ናይ ቁጽጽር ብቕዓት መረጋገጺ ክሳብ ዝሓለፈ ግዜኡ ዝሓለፎ መምመራ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

## ግዜኡ ዝሓለፈ ናይ COVID-19 መርመራ ትኽክልኛ ውፅኢት ከምዝህበኒ ከመይ ይፈልጥ?

ናትኩም ናይ COVID-19 መርመራ እቲ መርመራ ብዘተኣማምን መልክዑ ይሰርሕ ሙኻኑ እተረጋግፁሉ ደረጃታት ምስ ዘሓዘ፣ 'ናይ ፅርየት መቆፃፀሪ' ዝበሃል፣ መምርሒታት እዩ ዝመፅእ። መብዛሕቲኡ ግዜ ነቲ ናይ ፅርየት መቆፃፀሪ ከይዲ ኣብ ናይ መርመራ መምርሒታት ሉሕ ዘሎ ናይ መርመራ ውፅኢት ምርካብ ትኽእሉ ኢኹም። ንመብዛሕቲኦም ኣብ ገዛ ዝግበሩ መርመራታት ዝግበር ናይ ፅርየት ምቁፅፃር ከይዲ ብሓፂሩ ካብ "C" ቀፂሉ ዘሎ ኣብቲ ናይ መርመራ ካርትሪጅ ዝተሓተመ መስመር እቲ ናሙና ኣብ ልዕሊኡ ክግበር ከሎ ከምዝመፅእ ምርግጋፅ እዩ። እቲ ናይ ፅርየት ምቁፅፃር ከይዲ እንተዘይተዓዊቱ፣ ኩሉም መርመራ ዝሓዘ ሳንዱቕ ክትድርብዩዎ ኣለኩም። እቲ ናይ ፅርየት ምቁፅፃር ከይዲ እንተዘይተዓዊቱ፣ ነቲ መርመራ ክትድርብዩዎ ኣለኩም።

## ብኸመይ እዩ ሓደ መርመራ ዝተናሃወሐ ናይ ከብሒ ንውሓት ግዜ ዝረክብ?

ናይ COVID-19 መርመራታት ኣፍረይቲ መርመራ ንክንደይ ግዜ ከጥቀም ከምዝኽእል ዝፀንዑ ዳህሳሳት ክገብሩ ይግደዱ እዮም። FDA ዝተናወሑ ናይ መሕለፊ ግዜያት ንምፍቃድ ነዚ መረዳእታ ይከታተሎ እዩ። ብዛዕባ እዚኦም መርመራታት ንክንደይ ግዜ ክፀንሑ ከምዝኽእሉ ዝገልፅ ዝበለፀ መረዳእታ ብዝመፅኣሉ ግዜ ናይ COVID-19 ናይ ረብሓ ግዜያት ልሙዳት ይኾኑ።

ነዚ ሰነድ'ዚ ብኻልእ መልክዕ ክውሃበካ ንምጥላብ ናብ 1-800-525-0127 ደውል። ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለኩም ዓማዊል፣ ብኽብረትኩም ናብ 711 ደውሉ (Washington Relay) ወይ ናብ civil.rights@doh.wa.gov. ኢመይል ስደዱ።

DOH 421-037 February 2023 Tigrinya

ኣብ ሳንዱቕ ብዘሎ ናይ መሕለፊ ግዜ መሰረት ግዜኦም ዝሓለፉ ዝመስሉ መርመራታት ክትጥቀሙ ከለኹም እዚ ሓበሬታ ከምዝዕቅነኩም ተስፋ ንገብር። ሕጂ ናይ COVID-19 መርመራኹም ንምጥቃም ዝኾን እንትኾይኑ እንታይ ምግባር ከምዘለኩም ትፈልጡ ኢኹም፤ በቐሊሉ ናይ ፅርየት መቆፃፀሪ መምርሒታት ፈተና ተኸተሉ። እቲ መርመራ ነቲ ናይ ፅርየት ምቁፅፃር እንተሓሊፉ፣ ዘተኣማምንን ንምጥቃም ዝኸውንን እዩ።

ማሕበረሰብና ውሑስን ጥዑይ ንክኸውን ነቲ እትገብሩዎ ኩሉ ነመስግን!

ነዚ ሰነድ'ዚ ብኻልእ መልክዕ ክውሃበካ ንምጥላብ ናብ 1-800-525-0127 ደውል። ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለኩም ዓማዊል፣ ብኽብረትኩም ናብ 711 ደውሉ (Washington Relay) ወይ ናብ civil.rights@doh.wa.gov. ኢመይል ስደዱ።

DOH 421-037 February 2023 Tigrinya